Seattle

EQUITY & ENVIRONMENT INITIATIVE

# ምወላ ኣከባብያዊ ፍትሒ እቲ 2020

## ብቡሊት ፋውንደሽን (Bullitt Foundation) ዝምሓደር ናይ ከተማ ስያትል ፕሮግራም

ኣብዚ ግዜ እዚ ምወላ ኣከባብያዊ ፍትሒ (**Environmental Justice Fund**) ምልክታ ይቕበል ኣሎ፣ **ናይ ምምልካት ናይ መወዳእታ መዓልቲ ከኣ ዓርቢ፡ 25 መስከረም እዩ።** ከተማ ስያትል ንምወላ ዝኸውን $500,000 ኣዳልዩ ኣሎ። ካብዚ ድማ ክሳብ $60,000 ንነፍስ ወከፍ እማመ ከምዝመቓራሕ ክግበር እዩ። እዚ ምወላ'ዚ ነቶም ብኣከባብያውን ናይ ክሊማን ጸገማት ዝያዳ ዝጽለዉ ሰባት ንዝምርሑን ንእኦም ዘርብሑን ጻዕርታት ይድግፍ። ኣብ ከተማ ስያትል ዝነብሩ፡ ዝምሃሩ፡ ዝሰርሑ፡ ዝጻወቱን ዘምልኹን ጸለምቲ፡ ደቀባት፡ ዝተፈላለዩ ዝሕብሮም ሰባት፡ ስድተኛታት፡ ዕቑባኛታት፡ ትሑት ዝኣታዊኦም ሰባት፡ መንእሰያትን ኣረጋውያንን።

ቤት ጽሕፈት ሳስተይናብሊቲ ኢንቫይሮንመንት ( Office of Sustainability & Environment) COVID-19 ሕጂ ክንርድኦም ክንጅምር ብዘለና መንገድታት ንማሕበረሰባትና ይጸሉ ምህላዉ ይፈልጥ እዩ። በዚ ምኽንያት ነቶም ምስ ናይ ማሕበረሰብን ኣከባብያውን ጥዕና ዝተኣሳሰሩ ጽልዋታት ናይ COVID-19 ንምፍታሕ ዝጽዕሩ ፕሮጀክትታት ክንምውል ንደሊ። ቤት ጽሕፈት ሳስተይናብሊቲ ኢንቫይሮንመንት (OSE ) ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ ምወላ ኣከባብያዊ ፍትሒ (Environmental Justice Fund)፡ ብዛዕባ ዓይነታት ሓያል መምልከቲ፡ እቲ ናይ ገምጋም መስርሕን ንምሃብን ዝኾኑ ክህልውኹም ዝኽእሉ ሕቶታት ንምምላስን ክልተ ናይ ርሕቕት ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት ኣብ ዕለታት **10ን 14ን መስከረም ከኣንግድ እዩ።** ንምምዝጋብን ዝያዳ ንምፍላጥን ነቲ መርበብ-ሓበሬታ ርኣይዎ። እንተድኣ ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ኮይኖም፡ ናብዚ ዝስዕብ ኢመይል ግበሩ equityenviro@seattle.gov ወይ ብቑጽሪ ተሊፎን (206)615-0817 ደውሉ።